# መበል 21 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ኣብ ብሪጣንያ ብድምቀት ተባዒሉ

ከምቲ ልሙድ ዓመታዊ ዝውደብ ወርሒ ግንቦት ንመዓልቲ ናጽነት ዝብል ፕሮግራም ኣብ ብሪጣንያ " <u>ናጽነትና ክብረትና</u> " ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኤርትራዊ ክብርታት ናብ ሓድሽ ወለዶ ንምስግጋር። ንጥፈታት ህዝባዊ መኸተ ንምሕያል በዝኸእል ንጥፈታት ሎሚ ዓመት'ውን ብክብ ዝበለ ድምቐት ተሰላሲሉ፣

እዚ ዝሰፍሐ ህዝብና ንምኽታትን ውህደት ንምፍጣር ዝዓለመ ንጥፈታት ንምዕዋትን ናይ መኸተ ሓይሊ ንምድራዕን ዕለት 30 ሚያዚያ ብዝተኻየደ ጸረ እገዳን ጎበጣ መሬት ኤርትራ ብኢትዮጵያን  ንምቕዋም ብዝቐንዐ ልዕሊ 2000 ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ኣብ ኣፍደገ ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር **(Downing Street)** ብዝተኻየደ ናይ ተቓውሞ ሰላማዊ ሰልፊ ኢዩ ተፈሊሙ፣

በዚ መሰረት 12 ግንቦት 2012 መዓልቲ ናጽነት ንቆልዑን ስድራቤትን ዝብል መደብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ቆልዑ። ስፖርታዊ ውድድርን ናይ ስድራቤታት ምትእኽኻብን ብዘጠቓልል ብውዕዉዕ መንፈስ ኣብ ከተማ ለንደን ተኻይዱ፣ ኣብቲ ኣጋጣሚ ልዕሊ 700 ዓበይትን 1300 ቆልዑን ተሳቲፎም፣

ከምቲ በብዓመቱ ኪካየድ ዝጸንሐ ሎሚ ዓመት'ውን 17 ግንቦት 2012 ንወፍሪ ዝምልከት **4th Eritrea Investment Forum** ተኻይዱ፣ ኣብቲ ልዕሊ 30 ዝኾኑ ኣብ ኤርትራ ዝነጥፉ ኩባንያታት ዕደና። ናይ ቢዝነስ ትካላት። ፋይናንሳዊ ትካላትን ካልኦት ተገዳስነት ዘርኣዩ ኣካላትን ሙያውያን ኤርትራውያን መንእሰያትን ዝተሳተፉዎ ፎረም እዞም ዝስዕቡ ኣካላት መግለጺ ኣቕሪቦም።-

- **The Promising Prospects of the Mining Sector In Eritrea - Dr Tim Williams - Andiamo Exploration –**
- **Mining Exploration Prospects and Enabling Environment in Eritrea- Mr Lester Kemp - London Africa**
- **Eritrea's Path to Development and Future Prospects – Gordon Peters – World Development Movement**

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ **The myths and realities about the Eritrean Economy and Investment Prospects** ንህሉው ኩነታት ሃገርና። ዘሎ ዕድላት ወፍርን መንግስቲ ኤርትራ ሒዙዎ ዘሎ ኣንፈትን ፖሊሲን መግለጺ ኣቕሪቡ፣ ኤርትራ ዘለዋ ተዛማዲ ብልጫታት ንወፍሪ ድማ ብሰፊሑ ኣብሪሁ፣ ተሳተፍቲ ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ሕቶታት ብምቕራብ ሰፊሕ ክትዕ ኣካይዶም፣

ንወፍሪ ዝምልከት ፎረም ምስሊ ኤርትራ ንምዕዛዝ ኣብ ልዕሊ ዝህልዎ ጽልዋ። ናብ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ዝቐንዐ ዓቕምን ጽልዋን ንምዕባይ ሎሚ ዓመት'ውን **4th ERI-UK Friendship Independence Day Event** 24 ግንቦት ተኻይዱ ኢዩ፣ ኣብቲ ልዕሊ

40 ኣዕሩኽ ኤርትራን መጻምድቲ ኤርትራዊያንን ዝተሳተፍዎ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ኣጋጣሚ ብድሕሪ ናይ ዓርኪ ኤርትራን ተመራማሪት ልምዓታዊ ጉዳያት ዝኾነት **Dr Sara Pantuliano** ዝሃበቶ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰፊሕ ዕድላትን ዝበሃግ ሰላምን ፋሕተርተርን ኩሎም ጌና ኤርትራ ዘይረኣዩ ኣዕሩኽ ክስተማቕሩዎ ናይ ደገፍ መግለጺ ዝሓዘለ መኽፈቲ ድሕሪ ምሃባ። እዚ ዝስዕብ ታሪኻዊ። ማሕበራዊ። ባህላዊ። ቁጠባዊ። መዲያዊ ሸነኻት ዝሓዘ መግለጽታት ብዝተፋላለዩ ኣዕሩኽ ኤርትራ ብምቕራብ ምስሊ ኤርትራ ንምጉላሕ ተኻኢሉ።-

- **Historical Reflection – Amadeo the Horse Man and Historical and Cultural Implications  to Africa - Sebastian O’Kelly – The Mail Journalist and Writer**

- **The role of Eritrean women in Eritrea’s Nation Building Process and implication to Africa’s Emancipation – Alice Ukoko – Women for Africa**

- **The Reflection of  one of the Pioneers in the Mining Sector and its implications to the Economy of Eritrea – Dr Tim Williams**

- **Eritrean Children’s Reflection and Voice – Yonathan Negusse**

- **Global Media and The Real Eritrea: Personal reflections  of a visit to Eritrea– Afshin Rattansi , Journalist and Writer**

ወግዓዊ ጽንብላት ናጽነት’ውን ኣብ 9 ከተማታት ማለት ማንሸስተር (18 ግንቦት)። ኒውካስል። ግላስጎን ሸፊልድን (19 ግንቦት)። ለንደን (25 ግንቦት)። በርሚንሃም። ኮቨንትሪ። ሊድስ። ዳብሊን - ኣይርላንድ (26 ግንቦት) ልዕሊ 5000 ዜጋታት ዝተሳተፉዎ ውዕዉዕ መደባት ተኻይዱ፣ እቲ ኣብ ማንሸስተር። ሸፊልድ። ለንደን ዝተኻየደ ጽንብላት በታ ካብ ኤርትራ ዝመጸት ህብብቲ ናይ ሻሎት ጉጅለ ባህሊ ተሰኒዩ ኢዩ ተጸንቢሉ፣

ኣብቲ 25 ግንቦት 2012 ኣብ ለንደን ዝተኻየደ ጽንብል ልዕሊ 2000 ኤርትራዊያን ዝተሳተፍዎ ብኽብ ዝበለ ድምቀትን ብዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ዝተጸንበለ በዓል ብኣቦ መንበር ሽማግለ መኸተ ኣቶ ኣሕመድ ማሕሙድ ኣብ ኣዳራሽ ትሮክሲ ብወግዒ ተኸፊቱ፣ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱ መራሕቲ ሃይማኖታትን ዓበይቲ ዓድን። ሓለፍቲ ዝተፈላለየ ኣካላትን ብባህላዊ ኣልባሳት ዝማዕረጉ ተሳተፍትን ዘጠቓለለ ሰልፊ ተኸቲሉ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት ተኻይዱ፣

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱ። ”ናጽነትና  ክብረትና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ዘስመዖ መግለጺ ንክቡር ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ። ጽኑዕ መሪሕነት መንግስትን ግንባርን። ዘይጸዓድ ሓርበኛ ህዝቢ ኤርትራን ነቲ ዘይድፈር ሓይልታት ምክልኻልን ዮሃና! ዮሃና! ድሕሪ ምባል። ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ በዳሂ ናይ መኸተ እዋን ዘርእዮ ዘሎ ተወፋይነትን ዘይተጸዓድነትን ሞጊሱ፣ ከም ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንምዕቃብ። ሓድነቱ ንምድልዳልን ሕድሪ ሰማእታቱ ኣብ

ምፍጻምን ዝሰመረ ህዝቢ ኣሎ ክትብል ከምዘይከኣል ሓቢሩ፣ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ገስጋስ ኤርትራ ንምዕንቃፍ ፍሹል ውዲታት እንተላይ ናይ ከደምቲ ኩናት ስንብራቱ ኣይዝንጋዕን። እነሆ ግን ሓድነትና ንምድኻም። ሰላምናን ርግኣትናን ንምዝራግ። ቁጠባና ንምዕናው። መንእሰይና ንምብትታን። ህዝብና ንምጽዓድ። መንግስትና ንምንምብርኻኽ ዝወረደ መዘና ዘይብሉ በደል ሰጊርና ሎሚ'ውን ናጽነትና ጸንቢልና፣ ምኽንያቱ። <u>ዘይተጻዓድነትን ናጻ መስመርን ኤርትራ ክውንነት ኮይኑ ብምህላዉ።</u>
ሕጂ'ውን እንተኾነ ብስርዓት ኣመሪካን መሻርኽቱን ኣብ ልዕሌና ብቐጻሊ ዝካየድ ዘሎ ተጻብኦታት ሰብ-እከይ ግብሪ ቀጻሊ ምኻኑ። በቲ ከም ዓረ ዝተረረ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝርከብ ህዝብን መንግስትን ግን ከምዝፈሽልን እቲ ወሳኒ ዓወት'ውን ናትና ምኻኑ ብርእሰ ምትእምማን ኣብሪሁ፣

ነቲ በዓል ዝያዳ ክብርን ድምቀትን ንምሃብ ካብ ኤርትራ ብዝመጹ ህቡባት ድምጻውያን ጉጅለ ባህሊ ሻሎት (ዮውሃንስ ትኳቦ ዮውሃንስ። መሓመድ ሳልሕ፣ ፋጥማ ዑስማን። ዓንዲት ዑቕባይ) ምኡዝ ጣዕመ ዜማታት ናብ ህዝቢ ኣቕሪቦም፣ እቲ ምሸት ካብ ኩሉ ኩርናዓት ከተማ ለንደንን ከባቢኣን ዝመጽኡ ኤርትራውያን ኣዕሩኽ ኤርትራን ደሚቑ ኣምሲዩ።

ተሳተፍቲ እቲ በዓል'ውን ናብቲ ብመብራህትን ባንደራ ኤርትራን ዝተኾለዐ መድረኽ ብምድያብ። "ዮሃና! እንቛ ሓጎሰና" ብምባል። ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘለዎም ጽኑዕ ደገፍን ኣድናቖትን ገሊጾም፣

ወርሒ ግንቦት ንመዓልቲ ናጽነት ዝብል መደብ ዕለት 2 ሰነ 2012 በቲ ኩሉ ግዜ ኣብ ኣጋጣሚ ቅነ ናጽነት ብዝካየድ ናይ መርበብ ሙያዊያን ኤርትራውያን ዓመታዊ ኣኼባ ኪዛዘም ኢዩ፣

ዓወት ንሓፋሽ!

ጉጅለ ዜናን ሓበሬታን

ለንደን። 27 - 05 - 2012